ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

10 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም.ግ.
19 ታሕሳስ 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-255

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገልግሎት ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም፣

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ሥራሕኩም ከኣ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም።

ብምቕጻል እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ከነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

- ዋናታት ቤተክርስትያን ንሕና ክንጥቀመሉ ዕድል ስለ ዝሃቡና፣ ኣብ ቀዳም ዕለት 26 ታሕሳስ 2020 ኣገልግሎት ኣሎና፣
- ብድሕሪኡ ኣብ ዕለተ-ቀዳም ኣብ ዓመተ-2021 ዝህልወና ኣገልግሎት ብዝምልከት፣ ምስ ዋናታት ቤተክርስትያን ሓቢርና እንዳ ኣጻፈፍና ኢና። ተጻፊፉ ምስ ተወደአ፣ ነቲ ናይ ኣገልግሎት ሰንጠረዥ ኣብ ቀረባ ጊዜ ክንልእከልኩም ኢና። ከም'ቲ ልሙድ ኣብ ወብሳይትና እውን ከነውጽኦ ምዃንና ንሕብር፣
- ኣበዓዕላ ልደተ-ክርስቶስ ብዝምልከት፣ ድሮ ልደት ረቡዕ ምሸት ዕለት 06-01-2021 ዓ.ም.ፈ. ካብ ሰዓት ሸሞንተ ምሸት (20:00) ጀሚሩ፣ ክሳብ ሰዓት ሰለስተ ወጋሕታ (3:00) ናብ ሓሙስ ዘውግሕ ክካየድ ኢዩ። ልደተ-ክርቶስ ሓሙስ ዕለት 07-01-2021 (29-04-2013 ግዕዝ) ኢዩ ዝውዕል።
- ነፍሲወከፍ ሰብ፣ ነቲ ክንጥቀመሉ ዝጸናሕና መምርሒ ብምኽታል፣ ኣቐዲሙ ተመዝጊቡ ጥራይ ኣብ ቤተክርስትያን ክካፈል ከም ዝኽእል ከነዘኻኽር ንፈቱ፣
- ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ቀዳም ኣገልግሎት፣ ብዝሒ ቍጽሪ ተሳተፍቲ ኣብ ቤተክርስትያንና ካብ 30 ዘይበዝሕ ኢዩ፣
- ሓዱሽ ምዕባለታት ምስ ዝህሉ ከም ወርትግ ክንሕብረኩም ኢና።

ብርሃነ ልደቱን ዕለተ ጥምቀቱን ንኹልና ብሰላም ከብጸሓና እንዳ ተመነና፣ እዚ ዝመጽእ ኣውደኣመታት ሰላምን ፍቕሪን ዝመልኦ ይኹነልና፣ ብምባል ሰናይ ትምኒትና ነመሓላልፈልኩም።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ፣

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበናን።

ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፣ *Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፣ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**